# ንትርጉም ሓዘል ዝኾኑ ኣብ ትርፊ ግዜና ነካይዶም ንጥፈታት ብሰላም ምጹ

**ረቡዕ ረቡዕ ኣብ መንጎ ሰዓት 14.30ን 16.30ን ዘሎ እዋን ክሪስቲን ኣብ Grannehjelpa ኣላ (ኣድራሻ፥ Sandvenvegen 1B, 5600 Norheimsund)፥ ንሳ ድማ ብዛዕባ ትርፊ ግዜ ዘለኩም ሕቶታት ክትምልሰልኩምን ክተዘራርበኩምን፥ ከምኡ'ውን ኣብ ፍሪስኩስ/Friskus ንምኽፋል ክትሕግዘኩምን ትኽእል እያ።**




ኣብ ክሊ ዕድመ 6 ክሳብ 18 ዓመት ዝርከቡ ቖልዑን ንኣሽቱን ኣብ ክቫም ንስሩዓትን ጥርኑፋትን ዝኾኑ ኣብ ትርፊ ግዜና ብቐጻሊ ዝካየዱ ንጥፈታት ዝሽፍን 1000 ኮሮና ኣብ ፈፍርቂ ዓመት ክወሃቦም እዩ። እዞም ንጥፈታት ንብሎም ዘለና ቖልዑን ንኣሽቱን ብውሑዱ ሽዱሽተ ግዜታት ዝእከቡሉን ብዓበይቲ ዝምርሑን ክኾኑ ኣሎዎም።

ካርድ ንጥፈታት/Fritidskortet ውልቃዊ ኮይኑ ንካልእ ሰብ ክወሃብ ኣይከኣልን። ኣብ ክቫም ብዙሕ ዓይነታት ንጥፈታት ትርፊ ግዜ እዮም ዘለዉና። ኣብ **kvam.friskus.com** ብምእታው ምሉእ ዝርዝር ክትርኢ ትኽእል ኢኻ።

እቶም ካርድ ንጥፈታት ከም ስራሕና ሒዝናዮ ዘለና ኣካላት ዕላማና ኩሎም ቆልዑን ንኣሽቱን ናትና ዝብሉዎ ቦታ ረኺቦም ምልከት ከምዝስመዮም ምግባር እዩ። ብመገዲ ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ቆልዑ፥ መንእሰያትን ስድራቤታትን እዩ እዚ ካርድ ንጥፈታት ከም መፈተኒ ፕሮጀክት ተኣታትዩ ዘሎ፥ ክሳብ ጽድያ 2022 ከኣ ክቕጽል እዩ።

## ካርድ ንጥፈታት ጀምሮ፡

ካርድ ንጥፈታት ዲጂታላዊ ኮይኑ ኣብ **kvam.friskus.com** ክትረኽቦ ትኽእል። ቀድሚ ምኽፋልካ ክትምዝገብ ኣለካ። ኣብዚ ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ክቫም ክሳተፉሉ ዝኽእሉሉ ንጥፈታት ዝርዝር ሓበሬታ ኣሎ። ኣብዚ ብምእታው እቲ ዝምልከተካ ንጥፈት ክትከፍሎ ትኽእል፡ **kvam.friskus.com/fritidskortet** ወይ **QR-ኮድ** ስካን ግበሮ።

ካርድ ንጥፈታት ከም መኽፈሊ ትጥቀመሉ ኢኻ፥ እንተኾነ ግና ኣብቶም ነቲ ኣብ ትርፊ ግዜ ዝካየድ ንጥፈት ዝጥርንፉዎ ኣካላት ብቐጥታ ክትምዝገብ ኣለካ።

እቲ ዝኽፈል ካብቲ ኣብ ካርድ ንጥፈታት ዘሎ ብዝሒ ገንዘብ ዝልዕል እንተደኣ ኮይኑ ነቲ ተረፍ ባዕሎም ክሽፍኑልኩም እዮም። እቲ ዝኽፈል ተረፍ ክኸፍሉዎ ዓቕሚ ዘይብሎም እንተደኣኮይኖም ድማ ን ፍታሕ Fritidskortet pluss ሓላፍነት ትስከመሉ ክሪስቲን ሉንድብላድ ክውከሱዋ ይኽእሉ እዮም። ኣብ **kvam.no/fritidskortet** ብምእታው ብዛዕባ እዚ ፍታሕን ኣጠቓቕማ ካርድ ንጥፈታትን ዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

**ስካን ጌርካ ካርድ ንጥፈታት ኣብዚ ኣምጽኣዮ**

HUGSKOT AS · Foto: Pexels.com

Kvam herad

friskus

**ተወከሱና መራሒት ፕሮጀክት፡ ክሪስቲን ሉንድብላድ/ Kristin Lundblad**
**ተለፎን፡ 900 58 018 • krisve@kvam.kommune.no**